

ቅልጡፍ ጭብጥታት ምርኣይ

# ኣብ Medicaid, Child Health Plus ከምኡውን Essential Plan Enrollees ለውጢ ይመጽእ ኣሎ

NY State of Health ኣብ ኦንላይን ኮይንካ ናይ መደባት ጥዕና ዕደጋ እትረኽበሉ ቦታ እዩ።

እንድሕር ካብ ዕድመ 19 ወይ ድማ ንላዕሊ ተኾይንካ/ኪ ኣብ ኒው ዮርክ ትነብር/ትብሪ፣ ናይ ጥዕና መድሕን ብዝትክዕሎ ዋጋ ንክትረክብ/ንክትረክቢ ሓገዝ ክንገብረልካ/ኪ ኢና

ብኸመይ ይምዝገብ?

- [nystateofhealth.ny.gov](nystateofhealth.ny.gov) ወይ
- 1-855-355-5777 ወይ TTY: 1-800-662-1220 ወይ
- ኣብ ጥቓ ገዛኻ ወይ ስራሕኻ ዝርከብ ካብ ዝተመስከረሉ ሓጋዚ ብኣካል ዝዋሃብ ናጻ ሓገዝ።

ፕሮግራም NY State of Health ምስቶም ግቡኣት ናይ ፌደራል ሕጊታት መሰላት ተሳንዩ ስለዝሰርሕ ኣብ ናይ ጥዕና ፕሮግራማቱን ንጥፈታቱን ብምኽንያት ዘርኢ፣ ሕብሪ ቆርበት፣ ሃገራዊ መበቆል፣ ሃይማኖት፣ ፆታ፣ ዕድመ፣ ሓዳር/ኩነታት ስድራ፣ ገበን ፍርዲ/ፍርዲታት፣ መለለይ ፆታ፣ ምልከታ ፆታ፣ ብፍሉይ መፈጠራዊ/ጂን ባሕሪያዊ ድልየት፣ ወተሃደር ኹነታት፣ ብናይ ጉድኣት መጠን ናይ ውሽጢ ገዛ ጎንፂ ወይ/ከምኡውን መልሰ-መጥቃዕቲ፣ ምፍልላይ ኣይገብርን።

**ንስኻ ወይ ኣባል ስድራ ቤትካ ብናይ ኒው ዮርክ ስቴት Medicaid, Child Health Plus ወይ እቲ Essential Plan ኣቢሉ ኣብዚ ግዜ ናይ ጥዕና መድሕን ኣሎካዶ፧**

ድሕሪ ሓጺር እዋን ኒው ዮርክ ስቴት ተመዝገብቲ ነዚ ፕሮግራማት እዚ ብቑዓት ምኧኖም ንምርግጋጽ ብቑዓት ምኧኖም ዚገልጽ መርመራ እንደገና ኺጅምር እዩ። እዚ ማለት ድማ መድሕን ጥዕናኻ ወይ መድሕን ኣባላት ስድራ ቤትካ ንምሕዳስ ስጉምቲ ኽትወስድ የድልየካ ይኸውን። ንኣብነት እቲ ለብዒ COVID-19 ቕድሚ ምጅማሩ ኣታዊኻ ብዙሕ እንተ ተቐዪሩ፣ ኣብ መድሕን ጥዕና ምእንቲ ኽትምዝገብ ነቲ ሓበሬታ ናብ NY State of Health ክትነግሮ የድልየካ ይኸውን።

**ሕጂ ንኽትዳሎ ኽትገብሮ እትኽእል ገለ ነገራት እንሆ፥**

## 1 ናይ ጽሑፍ መጠንቀቕታ ንምርካብ sign up (ክታም) ኣእቱ።

ካብ NY State of Health ናይ SMS/MMS ንምርኻብ sign up (ክታም) ኣእቱ ስለዚ ኣገዳሲ ምትዕርራያት መድሕን ጥዕና ከምኡውን ጸብጻብ እትሕደሰሉ ግዜ ምስ ኣኸለ ኣይሓልፈካን እዩ። ንኽትምዝገብ፣ ጽሓፍ **START (ጀምር)** ናብ **1-866-988-0327**።

## 2 ኣድራሻኻ እዋናዊ ምኧኑ ኣረጋግጽ።

ብዛዕባ መድሕን ጥዕናኻ ምእንቲ ኺራኸቡኻ NY State of Health ወይ ናይ ከባቢ Medicaid ቤት ጽሕፈት ኣድራሻ ጶስጣኻ፣ ቍጽሪ ተሌፎንካን ኣድራሻ ኢ-መይልካን ከም ዘለዎ ኣረጋግጽ።

ምስ NY State of Health መድሕን (ኢንሹራንስ) እንተሃልዩካ፣ ትኽእል ኢኻ፥

- ክትድውል ናብ 1-855-355-5777 (TTY: 1-800-662-1220)
- ናብ መዝገብካ ኣብ **[nystateofhealth.ny.gov](nystateofhealth.ny.gov)** እቶ
- ኣብ **[https://info.nystateofhealth.ny.gov/findassistor](https://info.nystateofhealth.ny.gov/findassistor)** ሓጋዚ ርኸብ

ብናይ ኣውራጃኻ Medicaid ቤት ጽሕፈት ወይ ኒው ዮርክ ሲቲስ Human Resources Administration (HRA) ኣቢልካ Medicaid እንተ ኣልዩካ፣ ምስ ኣድራሻኻን ሓበሬታ መራኸቢኻን ሒዝኻ ንናይ ዞባኻ ቤት ጽሕፈት ተራኸብ።

## 3 ኣፍልጦ ይሃልኻ።

ብዙሕ ንኽትፈልጥ እቶ ናብ **[https://info.nystateofhealth.ny.gov/COVID-19-Changes](https://info.nystateofhealth.ny.gov/COVID-19-Changes)**. NY State of Health ነዚ ገጽ እዚ ብሓድሽ ሓበሬታ ኣዘውቲሩ ኺመሓይሾ እዩ።